# ሰውራዊ ምሕዝነት / ኤርትራ ፈለስጢን

2ይ ውግእ ዓለም ከብቕዕ እንከሎ ፡ ኤርትራን ፈለስጢንን ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር / መግዛእቲ ብሪጣንያ'የን ነይረን ።

ዓባይ ብሪጣንያ ብቲ ውሕሉልን ቶሉጡን ውድታዊ ኣሰራርሓኣ ፡ ፈለስጢን ንጽዮናውያን ከተረክባ እንከላ ፡ ንኤርትራ ኸኣ ንፍዩዳላዊ ስርዓት እትዮጵያ ኣረከበታ፡ ናብዚ ንምብጻሕ ኣብ ፈለስጢን ይኹን ኣብ ኤርትራ ዝሓለፈ ውረድ ደይብን ጎነጽ ነጽን ዕዮ ኣምሰሉን ብዙሕ'ዩ።

ካብኡ እቲ ቀንዲ ፡ ኣብ ፈለስጢን ካብ'ቶም ብመራኽብ እናጓረተት ንፈለስጢን ዘእተወቶም ኣይሁድ ፡ ዝቆማ ዕጡቓት ኣሸበርቲ ጋንታታት ፈጢርካ ንህዝቢ ፈለስጢን መሬቱ ምምንጣልን እምቢ ዝበለ ምቕታልን'ዩ ፡ ኣብ ኤርትራ ኸኣ ካብቶም ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝድግፉን ካብ ትግራይ ዝተሸመቱ ሽፋቱን ጌርካ ነቶም መራሕቲ ደምበ ሰልፊ ነጻነት ምፍርራሕን ምቕታልን ንብረቶም ምዝራፍን ምንዳድን 'ዩ።

እዘን ክልተ ተጠቀምቲ ውዲት ዓባይ ብሪጣኒያ (ኢትዮጵያ / እስራኤል) ፡ ነቲ ዝተለገሰለን ቅጥፈት ንምሕላው ጠቕምታተን እናኣወሃሃዳ 'የን ዝኸዳ ነይረን፡ ነቲ ናይ ካልእ ቦታታት ሽፈፍ ኢልና ብደረጃ ኤርትራ ነቲ ብዙሓት ብሂወት ዘለዉ ዝዝክርዎ ፡ ንኣብነት ፡ ኤርትራውያን ነቲ ብሰላማዊ መንገዲ ሰማዒ ዝሰኣነ ናይ ነጻነት ጠለብ ፡ ናብ ጎነጽ ኣሰጋግሮም ብረታዊ ቃልሲ ምስ ኣወጁ ፡ ሃጸይ ሃይለ ስለሴ ብምጡን መእሰሪ ዝኸውን ገመድ ሒዞም ዝኸዱ ዓሳከር ክድምድሞ ዝሓሰበ ሰውራ ፡ ኣብ 3 ዓመቱ ብዕጡቅ ናይ ጦር ሰራዊት ሓይሊ ንምግጣም ተገዲዱ ኣብ ተጎርባ 3 / 1964 ምስ ሰራዊት ሓርነት ገጢሙ ብመንጸር 19 ሰዉኣት ተጋደልቲ 84 ጦር ሰራዊት ምስ ተቀትሉ ፡ ኩሎም ናይ ውሽጥን ግዳምን ጸሬ ናጽነት ኤርትራ ሽንኻት እዝኖም ጠል ኣበሉ፡ ብፍላይ እስራኤል ፡ እቲ ጉዳይ ከምቲ ዝሓሰብዎ ከም ዘይኮነ ፡ ፍሉይ ኣተሓሕዛ ከም ዘድልዮ ተገንዘቡ ፡ ስለዚ ብኤርትራውያን መንእሰያት ዝቆመ እስራኤል ትምልምሎ ጸረ ሰውራ ሓይሊ ኮማንዶስ ምምልማል ተደልየ ፡ ኣመራርጻ እዚ ሓይሊ'ዚ ኸኣ ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ጽልእን ቅርሕንትን ከስዕብ ምእንቲ ኮነ ኢልካ ዝተሰርሐ'ዩ ነይሩ፡ ድሕሪ ምምስራት እዚ ሓይሊ'ዚ ኣብ ዝተወሰነ ቦታታትን ህዝብን ደገፍቲ ሸፋቱ እናበልካ ብዙሕ ኣሰካሕካሒ ገበናት ተፈጸመ ፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ዓዱ ነዲዱን ጥሪቱ ተዘሚቱን ናብ ጎረቤት ሃገር ተሰደ ፡

ብሰንኪ'ዚ ብተጋዳላይ ዑስማን ሳበ ካብ ሜዳ ኤርትራ ወጻኢ ዝንቀሳቀስ ዒቃብ / መቕጸዕቲ ወይ ነስር ብዝብል ስም ዝፍለጥ ኣብ ምዕናውን ምጭዋይን ነፈርቲ ኢትዮጵያ ዘተኮረ ሓይሊ ፊዳእን ተመስረተ፡ እዚ ነፍሱ ዝኸኣለ ዛኣንታ'ዩ ፡ እቲ ክበጽሖ ዝደለኹ ነጥቢ ግና ነዛ ሓይሊ ኣብ ምስልጣንን ምትሕብባርብ ዝነበረ "ግምባር ሓርነት ፈለስጢን'ዩ ፡ ኣብዚ ቆብ ከነብሎ ዘለና ። ከምቲ ተጠቀምቲ ውዲት ብሪጣንያ (ኢትዮጵያ / እስራኤል) ዝተሓጋገዙ ዝነበሩ፤ ግዳያት ውዲት ብሪጣንያ (ኤርትራ / ፈጠስጢን) 'ውን ይተሓጋገዙ ነይሮም'ዮም። ከመዮ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝበልዎ'ዩ " ምስ ፈለስጢን ደው ዘብለና ተዘክሮ ሰውራዊ ምምሕዛውና'ዩ"

ኣብ መጨረሽታ ኣዋርሕ 1974 ኣብ መጎራይብ ዝተዋህበና ወተሃደራውን ፖለትካውን ምልመላ ወሲድና ዝያዳ ንምዕራብ ገጽና ተጓዒዝና ንመደብ እናተጸበና፡ ሓደ ማዓልቲ ኣብ እዋን ዓራርቦ እቶም መራሕቲ ንገለ ካባና መሪጾም ሒዞሙና ዝያዳ ንምዕራብ ናብ ሱዳን ዘብል ኣምራሕና ፡ እተን ተጋደልትን ገባርን ዝስሕብወን ኣግማልን እተን ብሱዳን ዝመጻ መብራህተን ዘጥፈኣ ሎሪን ፊት ንፊት ተራኺባ ፡ ተብተብ እናበልካ ዝተጻዕነ ሰናዱቕ ሓደሽቲ ዓይነት ብረት'ዩ ነይሩ ፡ ካብ ግምባር ሓርነት ፈለስጢን ንገድሊ ኤርትራ ዝተዋህበ ህያብ።

ልዕል ኢለ ናይ "ዒቃብ" ጉዳይ ምስ ኣልዓልኩ " እዚ ነፍሱ ዝኸኣለ ዛኣንታ'ዩ ፡ ኢለ ሽፈፍ'ለ ክሓልፎ ፈቲነ ነይረ ፡ ሕጂ'ውን ከዐሙቅ ኣይኮንኩን ግና ሓደ ዓርከይ ምስ ዒቃብ ኣተሓሒዙ ብዛዕባ ሓውብኡ ኣባል ዒቃብ የዕሊለኒ ስለ ዝነበረ ፡ ነዚ ብምልመላ ፈለስጢም ዝማዕበለ ናይ ተሓኤ ናይ ስግር ዶብ ፍዳእን "ዒቃብ" ካብ ኣልዓልኩ ንሱዉእ ማሕሙድ ሰላማን ሓውብኡ ንሓወይ ጃዕፈር መሓመድ ስለማን ፡ ገለ ሽንኽ ታሪኹ ክዝክር ጉቡእ ኮይኑ ረኺበዮ።

ስዉእ ማሕሙድ ሰላማን፡ መሰረቱ ካብታ ሰውራ ምስርት ክብል ሰብን ንዋትን ዘቕረበት ብኢትዮጵያ ዝነደደት ዝተሓርደት ምስያም ኮይኑ፡ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ከኣ ደጀን ገድሊ ባርካ / ኣቑርደት ስለ ዝኾነ ወዲ 18 ኮይኑ ኣብ 1966 ዓ/ም ክስለፍ ዘገርም ኣይነበረን ።

ነት ነዊሕ ኣሕጺርና ከነዕልለሉ ፡ድሕር'ቲ ናይ ወጻኢ ፊዳኢን ተሐኤ ፡ኣብ ዝተፈላለየ ኣዋርሕ ናይ 1969 ዓ/ም ኣብ ጀርመን ኣብ ፓክስታን፡ ኣብ ኣድስ ኣበባን ዝገበርዎ ዕዉት ናይ 2 ነፈርቲ ዕንወትን ናይ ሓንቲ ኸኣ ምጭዋይን ናይ እስፓንያ/ መድሪድ ስሪሒት ኣብ ምፍጻም እንኮለዉ እቶም ክልተ ተጋደልቲ ናብታ ነፋሪት ተሰቂሎም እቲ ብረት ጸይሩ ዝነበረ ተጋዳላይ ማሕሙድ ስለማን ብጥርጣረ ጸጥታ እስፓንያ ተፈቲሹ ብረት ስለ ዝተረኽበ ተኣሰረ ።

ድሓሪ ናይ 3 ዓመት ማእሰርቲ ተጋዳላይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ንማሕሙድ ካብ ማእሰርቲ ከውጸኦ እንኮሎ 1972 ካብ ተሐኤ ዝተፈንጨለ ህሓሓኤ ዝተባህለ ውድብ ከም ዘሎ ምስኡ ክጋደል ምኽኑ ሓበሮ ፡ንማሕሙድ እዚ`ውን ንነጻነት ዝቃለስ ካብ ኮነ ፍልልይ ኣይተራእዮን፡እቲ ንጹህ ብኸምኡ ስለ ዝሓሰብ ፡፡ ምስ ብዙሕ ቅሬታን ሓዘንን ግና ማሕመድ ድሕሪ`ዚ ኹሉ ንሜዳ ምስ ኣተወ ኣይጸንሔን ኣብ ውግእ ሕድሕድ ጀብሃን ህዝባዊ ሓይልታትን ተሰወኤ ፡ ኣብቲ ፍልልይ ዘይረኣየሉ ጉዳይ !

ዝኸርን ሞጎስን ንስዉእ ማሕሙድን ምስኡ ዝነበሩን ብፍጻሜታቶም ንኢትዮጵያ ዝግበኣ መቕጻዒቲ ገይሮም ሕነ ናይቶም ዝነደዱን ዝተሓርዱን ዝፈደዩ፡ ምስጋናን ዓወትን ኸኣ ነቶም ነዚ ዓቢ ስርሒታት ንምብቃዕ ዝመልመሉን ዘዕጠቑን ገና ዝቃለሱ ዘለዉን ተጋደልቲ ፈለስጢን።

AAHafiz 20/9/2024